

# መርድእ



ኣቶ ግደይ ገብረመስቀል መሸሻ፡ ሓሚሞም በሕክምና ክርድኡ ድሕሪ ምጽናሕ ሰንበት ፲፱ ሚያዝያ ፳፻ ዓ ም (27 April 2008) ኣብ ፷፩ ዕድሚኦም ዓሪፎም። ኣቶ ግደይ ብ፲፱፻፴፱ (1947) ኣብ ከተማ ዓድዋ ተወሊዶም ናይ ቀዳማይን ካልኣይ ብርኪ ትምህርቶም ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንግስተ ሳባ ወዲኦም። መኸበር ሕግን ፈራዳይን ኮይኖም ኣብ ትግራይን ኣብ ካልኦት ክፍለ ሀገራትን ኣገልጊሎም እዮም። ኣቶ ግደይ ካብቶም ኦፐሬሽን ኣግኣዚ ካብ ቤት ማእሰርቲ መቐለ ዘውጽኢታቶም እሱራት ሐደ ክኾኑ ከለው ኣብ ሜዳ ወጺኦም ድማ ንኣርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ተጋዲሎም እዮም። ብ1992 ዓ ም ብሱዳን ኣቢሎም ምስ ቤተ ሰቦም ንኣሜሪካ ኣትው፡ ክሳብ ዕለተ ሞቶም ድማ ነባሪ ከተማ ኣትላንታ ነይሮም። ኣቶ ግደይ ኣቦ ዓሰርተ ክልተ ነይሮም። ቀብሪ ኣቶ ግደይ ቀዳም ፳፭ ሚያዝያ (May 3, 2008) ኣብ ከተማ ኣትላንታ ክፍጸም እዩ።

እግዚኣብሔር ንመዋቲ መንግስተ ሰማያት የዋርሶም ንስድራ ቤት ድማ ጽንዓት ይሃቦም